# 259 ትእዛዘይ እዚ’ዩ

ትእዛዘይ እዚ’ዩ ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ፡

ሓጎስኩም’ውን ክመልእ። (2)

ሓጎስኩም’ውን ክመልእ። (2)

ትእዛዘይ እዚ’ዩ ንሓድሕድኩም ተፋቐሩ፡

ሓጎስኩም’ውን ክመልእ።

# 260 ምእንቲ ኣኸሊለይ ክሰርሕ ኢየ

1. ምእንቲ ‘ኸሊለይ ክሰርሕ’የ (2)
   ምእንቲ ‘ኸሊለይ ክሰርሕ’የ እዚ’ዩ ድሌተይ።

2. እዚ ንኣይ ክብረይ እዩ (2)
   እዚ ንኣይ ክብረይ ኢዩ እዚ’ዩ ክብረተይ።

3. የሱስ ንኣይ ክብረይ እዩ (2)
   የሱስ ንኣይ ክብረይ ኢዩ የሱስ’ዩ ክብረተይ።

# 261 ዘሎኒ ሰላም’ዛ ዓለም ኣይትህብን

ዘሎኒ ሰላም’ዛ ዓለም ኣይትህብን፡
ክረኽቦ ካብኣ ኣይክእልን፡
ግን ዝዓበየ’ዩ ፍቕሪ ናይ ጎይታይ፡
ሓይሉ መንፈሰይ ይትንኪ።
ቃንዛ ልበይ ወሲዱ ሰላም ሂቡኒ፡
ፍጹም ህላውነቱ የሐጉሰኒ፡
ዘሎኒ ሰላም’ዛ ዓለም ኣይትህብን፡
ክረኽቦ ካብኣ ኣይክእልን።

## 262 የሱስ'ዩ መድሓኒ ኣይናወጽን

የሱስ'ዩ መድሓኒ ኣይናወጽን፡
ብሓይሊ ምሕረቱ ኣይናወጽን።
ከም ኣብ ገምገም ሩባ እተተኽለት ኦም፡
ከቶ ኣይናወጽን።
ኣይናወጽን፡ (4) ከም ኣብ ገምገም ሩባ
እተተኽለት ኦም ከቶ ኣይናወጽን።

## 263 ጸጋኻ ሃበኒ

ጸጋኻ ሃበኒ ኣብርሃኒ፡ ጸጋኻ ሃበኒ ጎይታይ፡

ጸጋኻ ሃበኒ፡ ኣብርሃኒ ኣብርሃኒ ክሳዕ ግዜ ምጽኣትካ።

እዝምር ሃሌሉያ፡ እዝምር ሃሌሉያ፡ እዝምር ሃሌሉያ ንጉስ ነገሰት።

እዝምር ሃሌሉያ/3/ ንየሱስ።

## 264 የሱስ ኣፍቂሩኒ

<u>የሱስ ኣፍቂሩኒ፡/3/</u> ብቖልዓይ ከለኹ የሱስ ኣፍቂሩኒ።

<u>የሱስ ተንኪፉኒ፡/3/</u> ክጽሊ ከለኹ የሱስ ተንኪፉኒ።

<u>የሱስ መጊቡኒ፡/3/</u> ብቓላቱ ገይሩ የሱስ መጊቡኒ።

<u>ዓለም ደሓን ኩኒ፡/3/</u> ኣነስ ምስ የሱሰይ እዩ ዝሕሸኒ።

## 265 ተጠንቐቓ ኣዒንቲ ብትርኢይኦ፡

1. ተጠንቀቓ ‘ዒንቲ ብትርኢይኦ፡(2)
   ኣቦይ ካብ ላዕሊ ይርኢ ንታሕቲ፡ ተጠንቀቓ
   ’ዒንቲ ብትርኢይኦ።

2. ተጠንቀቓ ኣእዛን ብትሰምዕኦ፡ (2)
   ኣቦይ ካብ ላዕሊ፡ ይርኢ ንታሕቲ፡ ተጠንቀቓ
   ኣእዛን ብትሰምዕኦ።

3. ተጠንቀቓ ኣእዳው ብትሰርሕአ፣ (2)
ኣቦይ ካብ ላዕሊ፣ ይርኢ ንታሕቲ፣ ተጠንቀቓ
ኣእዳው ብእትሰርሕአ። (2)

4. ተጠንቀቒ ልሳን ብትዛረብዮ፣ (2)
ኣቦይ ካብ ላዕሊ፣ ይርኢ ንታሕቲ፣ ተጠንቀቒ
ልሳን ብትዛረብዮ።

5. ተጠንቀቓ ኣእጋር ብትኸድአ(2)
ኣቦይ ካብ ላዕሊ፣ ይርኢ ንታሕቲ፣ ተጠንቀቓ
ኣእጋር ብትኸድአ።

## 266 ንዓናይ ምሳይ

1. ንዓናይ ምሳይ (ናብቲ ቤት ኣቦይ) (3)
ንዓናይ ምሳይ ናብቲ ቤት ኣቦይ ፍጹም
ሓጎስ ዘለዎ።
ኣብኡ ብኽያት የልቦን ( ኣብቲ ቤት ኣቦይ) (3)

ኣብኡ ብኽያት የልቦን ኣብቲ ቤት ኣቦይ ፍጹም
ሓጎስ ዘለዎ።

## 267 ብደሙ ዓዲጉኒ

1. ብደሙ ዓዲጉኒ(2) የሱስ ጎይታ፡
   ብደሙ ዓዲጉኒ ስሙ ግሩም መካር፡ መስፍን

ሰላም፡ መድሓኒ።

2. ኣብ ልበይ ተወሊዱ (2) የሱስ ጎይታ፡
   ኣብ ልበይ ተወሊዱ ስሙ ግሩም መካር፡ መስፍን
   ሰላም፡ መድሓኒ።

3. ኣብ ሰማይ ኣቦ’ሎኒ(2) የሱስ ጎይታ፡
   ኣብ ሰማይ ኣቦ’ሎኒ ስሙ ግሩም መካር፡
   መስፍን ሰላም መድሓኒ።

4. ኣኽሊል ክደፍኣለይ’ዩ(2) የሱስ ጎይታ፡
   ኣኽሊል ክደፍኣለይ’ዩ ስሙ ግሩም መካር፡
   መስፍን ሰላም መድሓኒ።

## 268 የሱስ በይነይ ኣይሓድገንን

1. <u>የሱስ በይነይ ኣይሓድገንን፡ (2)</u>
ጸበባ ዓለም እንተበርትዐ፡
የሱስ በይነይ ኣይሓድገንን።

2. <u>ሂበኩም'የ ምሉእ ስልጣን (2)</u>
ክትሰባብርዎ ንሓይሊ ሰይጣን፡
ሂበኩም'የ ምሉእ ስልጣን፡

3. ሂብካና'ወ ምሉእ ስልጣን፡
ክንሰባብሮ ንሓይሊ ሰይጣን፡
ሂብካና'ወ ምሉእ ስልጣን።

# 269 እንገብሮ ይርአ

እንገብሮ ይርአ እንብሎ ይሰምዕ፡
ኣምላኽይ ይጽሕፍ፡ ዕለት፡ ዕለት፡ ዕለት። (2)

## 270 ተዳሎ ሓወይ ተዳሎ

ተዳሎ ሓወይ ተዳሎ፡ (3) የሱስ ክምለስ’ዩ (2) ።
ተዳለዊ ሓብተይ ተዳለዊ፡ (3) የሱስ ክምለስ’ዩ (2)።
ክምተን ደናግል ከይትተርፍ፡(3) የሱስ ክምለስ’ዩ(2)።
ክምለስ’ዩ የሱስ ክምለስ’ዩ (3) የሱስ ክምለስ’ዩ (2)።

## 271 የሱስ ንዓ ናባይ

ጸሎተይ ስማዕ ንዓ ናባይ (3)
የሱስ ንዓ ናባይ። (2)
ድልየተይ ርአ ንዓ ናባይ (3)
የሱስ ንዓ ናባይ። (2)

## 272 የሱስ መገድን ሓቅን ህይወትን ኣነ እየ በለ

<u>የሱስ መገድን፡ ሓቅን፡ ህይወትን፡ ኣነ እየ በለ። (2)</u>

ብዘይ መገዲ ምኻድ'ውን የልቦን፡

ብዘይ ሓቂ ፍልጠት'ውን የልቦን፡

ብዘይ ሂወት ምንባት'ውን የልቦን፡

<u>የሱስ መገድን ሓቅን ህይወትን</u>

<u>ኣነ እየ በለ። (2)</u>

## <u>273 ኣምላኽ ንመገደይ ይፈልጦ እዩ</u>

<u>ኣምላኽ ንመገደይ ይፈልጦ'ዩ</u>

<u>ክስዕቦ ጥራይ'ዩ ዘሎኒ (2)</u>

ናይ ሎሚ ሓይለይ ንኹሉ እዋን'ዩ

ድሌተይ ከኣ ይገብረለይ'ዩ፡

ኣምላኽ ንመገደይ ይፈልጦ'ዩ

ክስዕቦ ጥራይ'ዩ ዘሎኒ።

## 274 ክርስትያን ብምኳነይ

ክርስትያን ብምኳነይ እሕጎስ እየ፡
ብጎይታ ብየሱስ ኣማኒ እየ፡
ሓጥያተይ ብኹሉ ተደምሲሱለይ፡
ኣብ ሰማይ ሓድሽ ቤት ተዳልዩለይ።

## 275 ስለ የሱስ ንዛረብ

ስለ የሱስ ንዛረብ ንጉስ ነገስታት'ዩ፡
ጎይታ ጎይቶት ድማ ሕጂ ንዘልኣለም፡
መገድን ሓቅን'ዩ ህይወት ድማ ይህብ፡

ስሙ መመሊስና ነልዕል።

## 276 ስምካ ነመስግን

ስምካ ነመስግን ንውድሰካ (2)
ሃሌሉያ፡ ኣሜን፡ (2) ስምካ ይኸበር።

## 277 በጊዕ የሱስ ኣነ እየ

1. በጊዕ የሱስ ኣነ'የ ኣብ መንኩቡ ይጾረኒ፡
   ልዕሊ ኣኽራንን ሩባን ኣብ ብሩኽ ቤቱ ኣብ ሰማይ፡
   በጊዕ የሱስ ኣነ'የ፡ ኣብ መንኩቡ ይጾረኒ።

2. ዕየት የሱስ ኣነ'የ፡ ኣብ መንኩቡ ይጾረኒ፡
   ልዕሊ ኣኽራንን ሩባን ኣብ ብሩኽ ቤቱ ኣብ ሰማይ፡
   ዕየት የሱስ ኣነ'የ ኣብ መንኩቡ ይጾረኒ።

## 278 የሱስ ክምለስ'ዩ

የሱስ ክምለስ'ዩ(2) ከይዱ ኣሎ ኣይተርፍን

የሱስ ክምለስ'ዩ።

የሱስ ክምለስ'ዩ (2) ዘምሩ ሃሌሉያ፡ የሱስ ክምለስ'ዩ።

## 279 ትሕቲ ኣኽናፉ

ትሕቲ ኣኽናፉ(2) መን'ዩ ካብኡ ዝፈልየኒ፡

ትሕቲ ’ኽናፉ ክነብር እየ ንዘልኣለም ኣብ ሕቑፉ።

1. <u>መዲበዮ'የ ክስዕብ መድሕነይ፡ /3/</u>
   ኣይምለስን ኣይምለስን።

2. <u>እንተ ኸፍኤ'ኳ ክኸተሎ'የ።/3/</u>
   ኣይምለስን ኣይምለስን።

3. <u>ዓለምካ ውሰድ ሃበኒ የሱስ፡ /3/</u>
   ኣይምለስን ኣይምለስን።

4. <u>ዓለም ብድሕረይ መስቀል ብቕድመይ፡/3/</u>
   ኣይምለስን ኣይምለስን።

5. <u>ሳላ ደም ገንሸል ነጺሀ እየ፡ /3/</u>
   ኣይምለስን ኣይምለስን።

# 281 ወ ሓ ዘ ለ ይ

<u>ወሓዘለይ(2)</u> ጽውኤይ መሊኡ ወሓዘለይ፡
ጎይታ ካብ ዘድሕነኒ ሕጉስ'የ ዝመሃረኒ፡
ጽውኤይ መሊኡ ወሓዘለይ።

<u>282 ገፋፋይ ሰብ ክገብረካ</u>

1. ገፋፋይ ሰብ ክገብረካ ክገብረካ ክገብረካ፥
   ገፋፋይ ሰብ ክገብረካ እንተሰዓብካ።
   እንተሰዓብካ እንተሰዓብካ ገፋፋይ ሰብ ክገብረካ
   እንተሰዓብካ።

2. ቃሉ ኣንብብ ንቓሕ ጸሊ ንቓሕ ጸሊ ንቓሕ ጸሊ
   ቃሉ ኣንብብ ንቓሕ ጸሊ ጸጋ ክትረክብ።
   ጸጋ ኽትረክብ ጸጋ ክትረክብ ቃሉ ኣንብብ ንቓሕ
   ጸሊ ጸጋ ክትረክብ።

## 283 ተመስገን የሱሰይ

1. ተመስገን የሱሰይ፡ ተመስገን የሱሰይ
   ተመስገን የሱሰይ፡ ኣብ ልበይ። /2/

2. እፈትወካ የሱሰይ፡ እፈትወካ የሱሰይ፡
   እፈትወካ የሱሰይ፡ ኣብ ልበይ።/2/

3. ክብሪ ንዓኻ የሱሰይ፡ ክብሪ ንዓኻ የሱሰይ፡
   ክብሪ ንዓኻ የሱሰይ፡ ኣብ ልበይ፡ /2/

4. እኣምነካ የሱሰይ እኣምነካ የሱሰይ፡
   እኣምነካ የሱሰይ፡ ኣብ ልበይ። /2/

5. እስዕበካ የሱሰይ እስዕበካ የሱሰይ፡
   እስዕበካ የሱሰይ፡ ኣብ ልበይ፡፡ /2/

## 284 ንኡስ እየ ዎ የሱሰይ

1. ንኡስ እየ ዎ የሱሰይ ሓይለይ’ውን ደኻሚ፡
   ከይትዕዝመኒ ዓለም፡ ሕድርኻ ርድኣኒ፡

2. ዕሸል እየ ዎ መድሕነይ፡ ዕድመይ’ውን መንእሰይ፡
   ከይትዕዝመኒ ዓለም፡ ሕድርኻ ርድኣኒ።

3. ምስ እትኸይድ ግን ምሳይ ባዕልኻ የሱሰይ፡
   ማዕበል ዓለም ክሰግሮ’የ፡ ኩሉ ብሳላኻ።

4. ምስ ርኤኹኻ ግን ኣቦይ እወ እቲ ሓይሉ፡
   ጸልማት ብርሃን ኮነ፡ እምነተይ ደልዲሉ።

## 285 ወሓዚ ጸጋ ኣሎኒ

1. ወሓዚ ጸጋ ኣሎኒ /3/ ኣብ ልበይ፡
   ወሓዚ ጸጋ ኣሎኒ /3/ ኣብ ልበይ፡

2. ዘልኣለም ህይወት ኣሎኒ /3/ ኣብ ልበይ፡
   ዘልኣለም ህይወት ኣሎኒ /3/ ኣብ ልበይ፡

3. ወሓዚ ሰላም ኣሎኒ /3/ ኣብ ልበይ፡
   ወሓዚ ሰላም ኣሎኒ /3/ ኣብ ልበይ።

4. ወሓዚ ፍቕሪ ኣሎኒ /3/ ኣብ ልበይ፡
   ወሓዚ ፍቕሪ ኣሎኒ /3/ ኣብ ልበይ።

5. ዘልኣለም ርስቲ ኣሎኒ /3/ ኣብ ሰማይ፡

ዘልኣለም ርስቲ ኣሎኒ /3/ ኣብ ሰማይ።

6. ዝባርኸ ጎይታ ኣሎኒ /3/ ኣብ ሰማይ፡
   ዝባርኸ ጎይታ ኣሎኒ /3/ ኣብ ሰማይ።

7. ዝፍውስ ኣምላኽ ኣሎኒ /3/ ኣብ ሰማይ፡
   ዝፍውስ ኣምላኽ ኣሎኒ /3/ ኣብ ሰማይ፡

8. ዘስተምህር ኣምላኽ ኣሎኒ /3/ ኣብ ሰማይ፡
   ዘስተምህር ኣምላኽ ኣሎኒ /3/ ኣብ ሰማይ።